# መዓልቲ ኲሎም ቅዱሳን

## ጥቅምቲ 23 ዓ.ም. (1st November)

**ንባባት፡** ራእ 7፡2-14፥ 1ዮሓ 3፡1-3፥ ማቴ 5፡1-12

**ምስባክ፡** ብፁዓን እለተኀድገ ሎሙ ኃጢአቶም ወእለ ኢሓሰበ ሎሙ ኵሎ ጌጋዮሙ ብፁዕ ብእሲ ዘኢኈለቀ ሎቱ እግዚአብሔር ኃጢአቶ (መዝ 32፡1-2)።

አብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ላቲናዊ ስርዓት ዝኽተሉ ኅዳር 1 መዓልቲ ኲሎም ቅዱሳን ተባሂሉ ይኽበር። አብ ታሪኽ ክርአ እንከሎ መበቆል ናይ እዚ ብዓል አብ ምስራቕ ብ4ይ ክፍለ ዘመን እዩ ጀሚሩ፥ አብ ሶርያ ምእንቲ ኲሎም ሰማዕታት ተባሂሉ ፍሉይ ዕለት ይብዓል ነሩ፥ ቅ. ኤፍረም ብዓል ኤደሳ ብ373 አቢሉ ዝሞተ ካብቶም ነዚ ዕለት ብዝያዳ ከምዝዝከር ዝገበሩ እዩ፥ ቀንዲ ምኽንያት ናይ እዚ ብዓል ከአ ነቶም ኲሎም ብሰማዕትነት ዝሞቱ ንምዝካር ፍሉይ መዝሙር ነቲ ብዓል ዝምልከት አውጺኡ አብ ቤተ ክርስያን ክዝመር ጀሚሩ፥ ቀስ በቐስ ከአ ነቶም ሰማዕታት ዘይኮኑ እውን ከጠቓልል ጀሚሩ (አብ መጀመርያ ግንቦት 13 ይብዓል ነሩ አብ ገሊኡ ድሕሪ ትንሣኤ ዘላ ዓርቢ፥ ገሊኦም አብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ ይዝክርዎ ነሮም፥ አብ ሮማ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት በነዲክቶስ ፬ይ ካብ 609/610 ዓ.ም. ጀሚሩ "Roman Pantheon" ዝብሃል ዝነበረ ብ13 ግንቦት S Maria ad Martyres "ማርያም ኲሉ ጊዜ ድንግልን ኲሎም ሰማዕታትን" ብዝብል ኰስሚ ተዋሂቡ ክብዓል ጀሚሩ)። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ጎርጎርዮስ ፬ይ (827-844) ዝነበሩ ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ አብ ኅዳር ፩ ክብዓል ቀይሮሞ። አብ ምስራቕ አብ ስብከት ቅ. ዮሓንስ አፈወርቅ ከም እንረኽቦ አብ ቊስጥንጢንያ ድሕሪ ጰራቅሊጦስ ዘላ ሰንበት እዩ ዝብዓል ነሩ።

ሎሚ አብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብፍላይ አብ ምዕራብ ንኹሎም አሕዋትና እንፈልጦምን ዘይንፈልጦምን አብ ሰማያዊ ክብሪ ዝሳተፉ ንዘለዉ እንዝክረሉ ዕለት እዩ። ትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ነዚ አብ ፪ይ ጉባኤ ቫቲካን አብ ብርሃን አሕዛብ 49 ብኸምዚ ይገልጾ "እቶም ብፁዓን ምስ ክርስቶስ ስለ ዝተወሃሃዱ ንቤተ ክርስትያን አብ ቅድስና ጸኒዓ ደው ከምእትብል ይገብርዋ ነቲ ቤተ ክርስትያን ንእግዚአብሔር አብዚ ምድርዚ እተዕርጎ ሥርዓት አምልኾ የማዕርግዎ ብብዙኅ መገዲ ድማ ንርሑብ ሕንጸት ቤተ ክርስትያን ረድኤቶም የወፍዩ" (ቆሮ 12፡12-27) እናበለ ይገልጾ። ሓ/ት/ክ ከአ "ምስ ክርስቶስ ብቐረባ ተዋሃሂዶም ስለ ዝኾኑ እቶም አብ መንግስተ ሰማይ ዘለዉ ንመላእ ቤተ ክርስትያን አብ ቅድስና ከጽንዕዋ ይርከቡ. . . . በቲ አብ መሬት ከለዉ አብ መንጎ አምላኽን ሰባትን እንኮ መንጎይና ብዝኾነ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝረኸብዎ ዓስቢ እንከቕርቡ ምእንታና ናብ እግዚአብሔር አቦ እንካብ ምምላድ አየቋርጹን እዮም. . . . . ስለዚ ኸአ በዚ ኀውነታዊ ኃልዮኦም አብ ድኻምነትና ብዓቢኡ ክንሕገዝ ንርከብ" (956) ይብል።

እዚ ብዓል ካልእ ዘዘኻኽሮ ኸአ ናይ ነፍሲ ወከፍና ቅድስና እዩ። ብጸጋ ሰማያዊ አቦና ቀጺልና ንቅድስና ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ብስም እቲ ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንቃለስ አሎና። ቅ. ጳውሎስ አብ ሰብ ሮማ ዝጸሓፋ ከምዚ ይብል "ቅዱሳን ክትኮኑ ዝተጸዋእኩም ኢኹም" (ሮሜ 1፡7)። ናብ ሰብ ቆሮንቶስ አብ ዝጸሓፎ ኸአ "ስም እቲ ጎይትኦምን ጎይታን ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ዚጽውዑ ኹሎም ቅዱሳን ንምኺን ዝተጸውዑ እዮም" (ሮሜ 1፡2) ይብለና።

አብ ብዙሕ ጥቕስታት መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ቅዱሳን ክንከውን ጥራሕ አይኮናን ተጸዊዕና ቅዱሳን ኢና። (2ቆሮ 1፡1፥ ኤፌ 1፡1፥ ቆላ 1፡2,4,12)። ስለምንታይ እዩ እዚ? ምኽንያቱ ጸጋ ጥምቀት ምስተቐበልና አብ ሰውነት ክርስቶስ ተቐባልነት ረኺብና። አብቲ ጊዜ እቲ ካብ ኲሉ ሳዕቤን ኃጢአት ቀዳሞት ወለድናን ቅድሚ ጥምቀት ዝገበርናዮ ኃጢአትን ነጻ ወጺእና። ከምቲ

ቅ. ጴጥሮስ “ንስኻትኩምውን ቅዱሳን ካህናት ኳንኩም ነቲ ሳላ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መስዋዕቲ ምእንቲ ኽተቕርቡ ከም ሕያዋን ኣእማን ኳንኩም ኣብ መንፈሳዊ ቤት ተሓነጹ” (1ጴጥ 2፡5) ዝብሎ መሰረ ሕይወትና ኣብ ክርስቶስ ገርና ክነብር ይሕብረና።

ኣብ ቃልስና ንቅድስና ቀጺልና ክንነብሮ ዘሎና ናይ መንፈስ ቅዱስ መሪሕነት ክንሓትት እዚ ኸአ ክሕብረና ከዘኻኽረና ነቲ ኹሉ ኢየሱስ ዝበሎ ክንሓቶ ኣሎና (ዮሓ 14፡26)። መንፈስ ቅዱስ ክንጽሊ የስተምህረና፣ ኣብ ጊዜ ድኻምና ይሕግዘና፣ ከመይ ኢልና ከም እንጽሊ ስለ ዘይንኽእል መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንጎ መጺኡ ንቃላትና ከም ዝስማዕ ይገብሮ። “መንፈስ ቅዱስ ድማ ንድኻምና ይድግፎ እዩ። ከመይ ጌርና ኽንጽሊ ከም ዝግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና፣ ግና እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚጽልየልና፣ እቲ ልቢ ዝምርምር እግዚኣብሔር ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ እንታይ ከምዝኾነ ይፈልጦ እዩ። ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ዚጽልዩ ኸም ፍቓድ ኣምላኽ ገይሩ እዩ” (ሮሜ 8፡26-27)። ብጸጋ ጥምቀት ኣባላት ሰውነት ክርስቶስ ክንከውን ስለ ዝበቓዕና ምስጢረ ሜሮን ክንቅበል በቒዕና ነቲ ብጥምቀት ዝተቐበልናዮ ጸጋ ክነብዝሖን ክነዕምቆን፣ ነቲ ብእኡ ገርና ኣባ ኣቦ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውሉድነት ኢኹም ዝተቐበልኩም እምበር ናብ ፍርሃት ክትምለሱ መንፈስ ባርነት ኣይተቐበልኩምን” (ሮሜ 8፡15)።

ቅ. ጳውሎስ በቲ ዓቢ ዝተዋህቦ ፍልጠት ሓደ ዝተረድኦ ነገር ሓደ ካብቲ ግቡእ ወይ ግድነታት ቅዱሳን ክገብርዎ ዘለዎም ንኻልኦት ቅዱሳን ምግልጋል እዩ (ሮሜ 12፡13፣ 15፡15-16፣ 1ቆሮ 16፡1፣ 2ቆሮ 8፡4፣ 9፡1፣ ዕብ 6፡10)። ብኣብነቱን ቃሉን ነዚ ግቡእነት ኣብ ኩሉ ጽሒፍዎ ይርከብ። ንኻልኦት ቅዱሳን ምግልግላ ማለት ንኻልኦት ምስባኽ እዩ። ብዙሓት ስብከተ ወንጌልን (evangelization) ስብከትን (preaching) ሓደ ገሮም ዝወስድዎ ኣለዉ ክልቲኡ ግን ዝተፈላለየ እዩ።

ወለዲ ንደቆም ክሰብኩ (evangelize) ይግባእ፣ ክልተ ሰብ ኪዳን ኣብ መንግኦም ክሰባበኹ ይግባእ። ንፋዓት ስድራታት ክርስትያን ነነድሕዶም፣ ንመሳርሕቶም፣ ነዕርኹቶም፣ ጎረባብቶም ኣብ ዝኸዱ ኸይዶም ክሰብኩ ይግባእ። ዕድል ኣብ ዝተረኽቦ ንወንጌል ከሰብኩ ንእምነቶም ክከላኸሉ ይግባእ። መንፈስ ቅዱስ ንነፍሲ ወከፍና መንፈሳዊ ህያባት ዓዲልና እዩ። “ንሱ ኸአ ንገሊኦም ሓዋርያት ንገሊኦም ነብያት ንገሊኦም ሰበኽቲ ወንጌል ንገሊኦም ናይ ነፍሳት ጓሶት ንገሊኦም ከአ መምህራን ገበሮም፣ እዚ ኸአ እታ ሰብነት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ምእንቲ ክትሕነጽ እቶም ቅዱሳን ኣብ ኣገልግሎቶም ፍጹማን ምእንቲ ኪኾኑ” (ኤፈ 4፡ 11-12)። እናበለ ናይ ነፍስወከፍና ህያባትን ክንገብሮ ዝግብኣና ኩሉ ይነግረና።

ኣብ ራእይ 7፡2-14 “ድኅርዚ ድማ ኻብ ኵሎም ኣሕዛብን ዓሌታትን ሕዝብታትን ካብ ብዘሎ ቋንቋታትን ዝተኣከቡ ሓደ እኳ ክቖጽሮም ዘይክእል ብዙኃት ሰብ ፃዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም ጨናፍር ስየ ኣብ ኣእዳዎም ኄዞም ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደው ኢሎም ከለዉ ረአኹ። ዓው ብዝበለ ድምጺ ኸአ ምድኃን ካብቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ኣምላኽና ካብቲ ገንሸልን እዩ ዝመጽእ እናበሉ ጨደሩ” ዝብል ነንብብ እዚኣቶም ከአ እቶም ሰማዕታት እዮም። “እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝወጹ ንኽዳውንቶምውን ብደም እቲ ገንሸል ሓጺቦም ዘፃዕደዉ እዮም” (ራእ 7፡14)። እዚኦም ቅዱሳን ኢና ዘኪርና ነብዕል ዘሎና።

ኣብ ቀዳመይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ (3፡1-3) ዝነግረና ኣምላኽ ክሳብ ክነደይ ከም ዘፍቅረናና ደቁ ክንብሃል ከአ ከም ዝሓረየና። ብመንፈስ ቅዱስ ክንቅደስ እንከሎና ኣብ ኣምሳል ኣምልኽ ተቐይርና። “ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢና እንታይ ከም እንኸውን እውን ከአ ገና ኣይተገልጸን፣ ክርስቶስ ምስ ዝግለጽ ግና ከምታ ዘለዋ ክንርእዮ ኢና እሞ ንእኡ ኸም እንመስል ንፈልጥ ኢና” (1ዮሓ 3፡2)። ኣብ ኣምሳል ክርስቶስ ስለ ዝተቐየርና እቶም ናይ ዓለም ክፈልጡና ኣይክእሉን እዮም። ዓለም ዝደልዮ ዝና ምቾት ሃብቲ እዩ በዚ ምኽንያት ከአ ንኢየሱስ ክፈልጥዎ ኣይክእሉን

እዮም። ንኢየሱስ ስለ ዘይፈልጡ ኣብ ካልኦት ዘሎና ፍቕሪን እቲ ብኣና ኣቢሉ ዘብርህ ዘሎ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ክርድእዎን ክፈልጥዎን ኣይክእሉን እዮም። ንኣኣቶም ፍሉያት ፍጥረት ኢና።

በቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ፍንፉናትን ንውቓትን ወላ ንኹን እምበር ጎይታ ከምዝብለና "ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለ ዝኾነ ተሓጎሱ ባህውን ይበልኩም" (ማቴ 5፡12)። መንግስቲ ኣምላኽ ንሃብታማት ኣይ ኮነትን ነቶም ብመንፈስ ድኻታት እያ። መንግስቲ ኣምላኽ ንካልኦት ዘሳድዱ ኣይኮነትን ነቶም ምእንቲ ጽድቂ ዝጠምዩ እያ። መንግስቲ ኣምላኽ ነቶም ኩሉ ጊዜ ናይ ምሳሕ ግብጃ ገሮም ዝድሰቱ ንድኻታት፥ መበለታት ወይ ዘኽተማት ጊዜ ዘይብሎም ኣይኮነትን። ነቶም ዝሓዝኑ እያ። መንግስተ ሰማይ ብቐጻሊ ናይ እቶም ንኣእምርኦም ብናይ ኃጢኣት መግቢ ንሸውሃቶምን ድለታቶም ዝምግቡ ኣይኮነትን እንታይ ደኣ ናይ እቶም ንጹሓት ልቢ እያ። ኩሉ ጊዜ መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና መንግስቲ ኣምላኽ ምስቶም ዕለታዊ መስቀሎም ጸሮም ዝጉዓዙ፥ ምስቶም ኣብ እምነቶም ጸኒዖም ዝነብሩ፥ ምስቶም ኩሉ ጊዜ ፈሪሃ ኣምላኽ ኣብ ልቦም ኣሕዲሮም ንድምጺ ኣምላኽ ጽን ዝብሉ ክትከውን ኩሉ ጊዜ ክንዝክሮም ኣሎና። 'በታ ጎይታ ምምምቅዱሳንን ምእንቲ ኽትኮኑ ልብኹም የበርትዕ" (1ተሰ 3፡13፥ 2ተሰ 1፡10)።

ሎሚ እምብአር ነዞም ኩሉም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ኢሎም ዘለዉ ቅዱሳን እናዘከርና እንከሎና ንሕና ውእን ንቅድስና ጽዉዓት ምዃና ፈሊጥና መገዲ ቅድስና ክንተሓሓዞ። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳን ኩኑ ይብለና። ቅዱስ ምዃን ማለት ንኃጢኣት ሓዲግና ንኣምላኽ ክንዝክር እንከሎና እዩ። ጸሎት ተጋድሎ ትሕትና ገርና ንቅድስና ንልበሳ። ኣምላኽ ንጽድቂ ሒዝና እንኽእለሉ ኃይልን ጸጋን ይዓድልና።

ኦ ቅዱሳን ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ዙፋን ኣምላኽ ኮንኩም ንኣምላኽ እተመስግኑ ንኣና ኣሕዋትኩም ለምኑልና ኣሰርኩም ስዒብና ንኣምላኽ ክንመስል ለምኑልና።

ኣሰር ኩሎም ቅዱሳና ተኸቲልና ቅድስና ዝመልኦ ብዓል ይግበረልና።

ኣባ ንጉሥ ፍሥሓ